# ምቅይያር ኣሳላልፋ ሓይልታት ኣብ ዞባ ቀርኒ-ኣፍሪቃ፡ ስምብራቱ ኣብ ቃልሲ ንዲሞክራስያዊ ምስግጋር ኣብ ኤርትራ

*ዶር. ገብረ ገብረማሪያም*

ዞባ ቀርኒ-ኣፍሪቃ፡ ንነዊሕ ዘበናት ሰላምን ርግኣትን ረኺቡ ዘይፈልጥ ኣዝዩ ታኣፋፊ ዞባ ኢዩ። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነትን ንሓርነት ኣዝዩ ጽንኩር፣ ዝተሓላለኸን ኣድማይን ካብዝገብርዎን ዝገብሩዎ ዘለዉን ረቛሒታት ብቀዳንነት ዝርቓሕ፡ ኤርትራ ኣብዚ ዞባ እዚ ተደኺና ስለትርከብ ኢዩ። ኤርትራ ከም ልዕላዊት ሃገርን ህዝብን፡ ኣብዚ ዞባ እዚ ንኽትቕጽል፡ ንሃገራዊ ረብሓ ኤርትራ ማእከል ዝገበረ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ብዕቱብን ብጥበብን ሃንዲሱ ዘተግብር ናይ ህዝቢ ሃገራዊ መንግስቲ ክልዋ ይግባእ። እዚ ግን ክሳብ ሕጂ ክረጋገጽ ስለዘይተኻእለ፡ እቲ ንኤርትራ ዝመርሕ ዘሎ መላኺ ጉጅለ፡ ይትረፍዶ ሃገራዊ ረብሓ ኤርትራ ከረጋግጽ፡ ብኣንጻሩ፡ ንሃገራዊ ረብሓ የሕሊፉ፡ ዝህብን ንልዕላውነት ኤርትራ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘውደቖን ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ ካኣ ዓቕሚ ኣዋሃሂዱ፡ ኣንጻር እዚ ዓማጺ ጉጅለ ብምቅላስ፡ ንዕዑ ዝኸውን ስርዓተ-ምሕደራ ክተክል ኣይካኣለን። በቶም እቲ ዓማጺ ጉጅለ ዘዋደዶም ሽርሕታት ክጥቃዕን፡ ኣደዳ ዕንደራታት ኢሳያስ ኢዩ ኮይኑ ጸኒሑን ዘሎን። ኢሳያስ ኣብ ዝኣጎዶም ናይ ውግእ መጋርያታት ሓዊ እንዳኣተወ ክጥበስ ኢዩ ጸኒሑ። ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ካኣ ብፍላይ፡ ጉዳይ ምርግጋእ ኢትዮጵያ ኢዩ ዝዓዘና እንዳበለ፡ ኢሳያስ ንህዝብ ኤርትራ ኣብ ሕድሕዳ ውግእ ኢትዮጵያ ንምጥባስ ክሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን። ሕጂ፡ ውሽጣዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ኣብ ዝኸፈአን ዝላዓለ ጥርዝን በጺሑ፡ ኢትዮጵያ ናብ ሕድሕድ ውግእ ተምርሕ ኣላ፡ ኢሳያስ ካኣ ንመንግስቲ ኣብዪ ኣሕመድ ብምድጋፍ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ናብ ዘይምልከቶ ውግእ ከእትዎ ይሻባሸብ ኣሎ። ኢሳያስ፡ *“ንኢትዮጵያ ሂወተይ ክህበላ ኢየ”* ምባሉ ምስእንዝኽር፡ በዚ ተርእዮ እዚ ክንግረም ዝግባኣና ኣይመስለንን። እቲ ሕጂ ክንሓቶ ዘለና ሕቶ፡ ኢሳይሳ እንታይ ገብረ ወይ'ውን እንታይ ክገብር ኢዩ ዘይኮነስ፡ ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ይገብር ኣሎን እንታይ ክገብር ኢዩን ክኸውን ይግብኦ። ሕጂ'ከ ከም'ቶም ዝሓለፉ፡ ስቕ ኢሉ ድዩ ተጎቲቱ ኣብ ዘይምልከቶ ናይ ውግእ መጋርያ ክኣቱ? ወይስ፡ ኣንጻር ኢቲ ዓማጺ ጉጅለ ቃልሱ ብምሕያል፡ ፍትሕን ዲሞክራስን ኣብ ኤርትራ ከምዝመጽእ ክገብር? ቅድሚ ሕጂ፡ ህዝብ ኤርትራ ኣንጻር እዚ ዓማጺ ጉጅለ ሆ ኢሉ ንኽቃለስ ዘኽእሉ ፍሉያት ኣጋጣሚታት (Critical Junctures) ከይተጠቐመሎም ባኺኖም ተሪፎም ኢዮም። እዛ ናይ ሕጂ ፍልይቲ ኣጋጣሚ ኸ ትባኽን ዶ ትኸውን??? ንኣብነት፡ ኣብዞም ዝስዕቡ ፍሉያት ኣጋጣሚታት፡ ህዝቢ ኤርትራ ከም ህዝቢ እንታይ ከምዝበለን ከምዝገበረን እስከ ንዳሓር ምልስ ኢልና ንርአ።

***ዝባኸኑ ፍሉያት ኣጋጣሚታት (Lost Critical Junctures):-***

1. ኢሳያስን ስርዓቱን ነቲ ድሕሪ ብናይ ሰለስተ ዓመታት መስርሕ ተዳልዩ ጸዲቑ ንትግባረ ዝጽበ ዝነበረ ሃገራዊ ቅዋም ኤርትራ መታን ኣብ ግብሪ ከይውዕልን፡ ህዝቢ ካኣ ወከልቱ ብምምራጽ ህዝባውን ቅዋማውን መንግስቲ ብምትካል ጉዳዩ ከይገብር ዓንቂጹ ብማሓዝን፡ ህዝቢ ኤርትራ ብኹቱር ብኹረት ፍትሕን ልዕልና-ሕግን ንዓሰርተታት ዓመታት ከምዝሳቐ ክገብሩ ከለዉ? እቲ ፍትሒ ዝሳኣነ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዓዱን ሃገሩን ራሕሪሑ ናብ ስደት ብቐጻሊ ብብዝሒ ክውሕዝ ከሎን፡ ከምሳዕቤኑ ካኣ ሕጂ ኤርትራውያን ዓድታት ብዓብዪ ናህሪ ከምዝባድማን እንዳገበሩ ከለው፡ **ህዝቢ እንታይ ገብረ?** ?
2. ኢሳያስን ስርዓቱን፡ ነቶም ፍትሒ ይገበር፣ ልዕልና-ሕጊ ይንገስ፣ ህዝባውን ቅዋማውን መንግስቲ ይተኸልን ፖሊቲካዊ ምስግጋር ክግበር ኣለዎን ብምባል ንፖሊቲካዊ ለውጢ ዝጠለቡ ኣካላት መንግስቲን (ከም ባዓል G-15 ዝኣመሰሉ) ካለኦት ሲቪላውያን ዜጋታትን ብዘይ ፍርዲ ብጅምላ ብምሕያርን ብምስዋርን ድምጾም ከምዝዕፈን ክገብሩ ከለዉ? ዓሰርተታት ዓመታት ሓሊፉ፡ ኣበይ ከምዘለዉን ብሂወቶም ኣለዉ ድዮም የለዉን ምንም ዝፍለጥ ነገር ዘይምህላዉ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብዛዕባ ሃለዋቶም ምሕታት ንባዕሉ ከም ገበን ዝቑጸረሉ ኩነታት ብምፍጣር፡ ናይ ራዕድን ሽበራን መንፈስ ኣብ ሃገር ሰፊኑ፡ ህዝቢ ብፍርሒ ተሸቑሪሩ ርእሱ ደፊኡ ከምዝነብር ክገብሩ ከለዉ፡ **ህዝቢ እንታይ ገብረ?**
3. ኢሳያስን ስርዓቱን፡ ነቲ ዝነበረ ሃገራዊ ባይቶ ብምድስካልን ንዝኾነ ትካላዊ ኣሰራርሐ ብምዕምጻጽን ፍጹም ናይ ውሑዳት ወይ'ውን ናይ ሓደ ውልቀ-መላኪ ምሕደራ ከምዝትከል ተገይሩ፡ ሎሚ ይትረፍዶ መንግስታዊ ትካላት ሃልየንስ ብትካላዊ ኣሰራርሓ ክስራሓ፡ እቲ ገዛኢ ሰልፊ ተባሂሉ ክፍለጠሉ ዝደሊ ህግደፍ'ውን እንተኾነ ከም ትካል ከምዘይህሉ እንዳገበሩ ከለዉ፡ **ህዝቢ እንታይ ገብረ?**
4. ኢሳያስ፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ከይዱ፡ ነቶም ኣብ ዩኒቨርሲታት እታ ሃገር ዝማሃሩ ዝነበሩ ብሉጻት ኤርትራውያን ተማሃሮ፡ ***“ንስኻትኩም በዚ ኣብልኩም ናብ ሰደትኩም ኪዱ፡ ንሕና እንተኾነ ካብ ኢሰያ ሕሱር ጉልበት ኣምጺእና ከነሰርሖ ኢና”*** ብምባል፡ ኤርትራውያን ተማሂሮም ንዓዶም ከይምለሱ ምፍርራሕ ብስመስል ኣገባብ ክምድር ከሎ፡ **ህዝቢ እንታይ ገብረ?**
5. ኢሳያስ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣነ ዝተፈለኹ ህዝቢ ኢየ ኢሉ ንሰላሳ (30) ዓመታት ደማዊ ዕጥቃዊ ቃልስን፡ ንልዕሊ ሓሙሳ (50) ዓመታት ፖሊቲካዊ ቃልስን ብምኽያድ ብኣማኢት ኣሻሓት ዝቑጸሩ ብሉጻት ደቁ ከፍሉ ሓርነቱን ሉዕላውነቱን ከምዘየረጋገጸ፡ ***“ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ክልተ ህዝብታት ኢዮም ዝብል እንተሎ፡ ታሪኽ ዘይፈልጥ ኢዩ፤ ሓደ ህዝቢ ኢዮም”*** ክብል ብድፍረት ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኢትዮጵያን ዓለምን ክምድር ከሎ፡ **ህዝቢ እንታይ ገብረ?**

6. ኢሳያስ፡ ብምስምስ ናይ ዶብ ውግእን ካብኡ ዝቀጸለ ካኣ ኣይ ሰላም ኣይ ውግእ ኩነታትን፡ ኤርትራ ባዲማ (ህዝባ ተጓሕጒሑ ናብ ስደት ጊዒዙ፣ ፍጹም ማሕበረ-ቁጠባዊ ድቕትን ልምሰትን ኣጋጢምዋ፣ ትሕተ-ቅርጻ ፈጺሙ ዓንዩ፣ ኣብ ክንዲ ፍትሒ ዓመጽን ራዕድን፡ ኣብ ክንዲ ሓቂ ቅጥፈት፡ ኣብ ክንዲ ምዕባለን ብልጽግናን ዕንወት፡ ብሓፈሽኡ ኩሉ-መድዳያዊ ጥፍሽና ሰፊኑ) እንዳሃለወት፡ ***"ኣብ ዝሓለፈ 25 ዓመታት ዋላ ሓንቲ ኣይከሰርና"*** ብምባል ክምድር ከሎ፡ **ህዝቢ እንታይ ገብረ?**
7. ኢሳያስ፡ ***"ካብ ሕጂ ንዳሓር ንስኻ (ዶ/ር ኣብዪ ማለቱ ኢዩ) ኢኻ መራሒና፣ ስልጣነይ ሂበካ ኣለኹ፣ ብስሚዒት ዘይኮነስ፡ ናይ ባሓቂ ብልበይ ኢየ፡ ስልጣነይ ሂበካ ኣለኹ"*** ኢሉ ብምድግጋም፡ ፕረሲደንታዊ ስልጣን ሉዕላዊት ኤርትራ፡ ንቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ከረኽቦ ክፍትን ከሎ፡ **ህዝቢ እንታይ ገብረ?**
8. ኢሳያስ፡ ኣብ ከተማ ጎንደር (ኢትዮጵያ) ከይዱ ኣብ መቓብር ኣባሓጉኡ ምስበጽሐ፡ ***"ኣነ ክንደይ ተሪፉኒ ኮይኑ፡ ኣሪገ ኢየ። ንኤርትራ ንዓኻ ገዲፈላ ይኸይድ ስለዘልኹ ግን ቀሲነ ኣለኹ"*** ክብል ንናይ ኢትዮጵያ ቀዳምይ ሚኒስተር፡ ዶ/ር ኣብዪ ኣብ ቅድሚ ብኣሻሓት ዝቑጸር ዝተኣከበ ህዝቢ ኣምሓራ ክሕብሮ ከሎ፡ **ህዝቢ እንታይ ገብረ?** ወ.ዘ.ተ.
9. ሕጂ ካኣ ኢሳያስ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ኢዱ ንምእታው ንዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ክዳሎ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሕድሕዳዊ ውግእ ኢትዮጵያ ካብ ምስዋር ሓሊፉ፡ ቀጥታዊ ተሳታፋይ ናብ ምኳን ደረጃ ይስጋገር ኣሎ። ናይ ህዝቢ ኤርትራ ምላሽ እንታይ ኢዩ ክኸውን? **ህዝቢ እንታይ ኢዩ ክገብር? ኣንበብቲ ኸ እንታይ ኢኹም/ኢኽን ክትገብሩ/ክትገብራ?**

ናተይ መልሲ ከምዚ ይመስል፡-

*ዎ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ሓድ ልዑል ህዝብን ሃገረን፡ ኣብ ውሽጣዊ ግዳይ ኢትዮጵያ ምንም ዘእቱ ምኽንያት የብልካን። ከም ጎረቤት ህዝብን ሃገርን፡ ሕድሕዳዊ ሰላምን ፍቕርን ንኢትዮጵያውያን ንመነየሎም፤ ውሽጣዊ ጉዳዮም ግን ንዓዓቶም ጥራሕ ኢዩ ዝምልከት። የህዛብ'ምበር መንግስታት ነበርቲ ስለ ዘይኮኑ፡ ነባሪ ሰላም ምስ ጎረቤት ህዝቢ ኢትዮጵያ ክህልወና ኢና ክንሰርሕ ዝግባኣና። እዚ ካኣ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳዮም ንሓደ ወገን ደጊፍና ብምእታው ዝረጋገጽ ኣይኮነን። የግዳስ፡ ከምኡ ምግባር፡ ንሃገርና ኤርትራ ኣብ ሕዳሕድ ውግእ ኢትዮጵያን ከምትሸመምን ንኹሉ መዳያዊ ብርሰት ከምትዳረግ ምግባርን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ዘይቅህም ናይ ጽልኢ ሓዊ ምጽሕታር ማለት'ውን ኢዩ። እዚ ካኣ፡ ከም ህዝቢ ኤርትራ ዝኣመሰለ ለባም ህዝቢ ዝገብሮን ዝውዕሎን ስለዘይኮነ፡ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንሽርሒታት ኢሳያስ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ያዕ ብምባል፡ ንሃገርካ ኤርትራ ካብ ጥፍኣት ኣድሕናን ንዓኻ ዝኸውን ስርዓተ-ምሕደራ ንምትካል ቃልስኻ የሐይልን።*

ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ውሽጣዊ ኩነታት ምስንፍትሽ፡ ናይ ሓይልታት ኣሰላልፋ ለውጢ ከምዝተፍጥረ ኢና ንዕዘብ። ክልተ፡ ነንሕዶም ዝራጸሙ፡ ዓበይቲ ናይ ሓይልታት ቀጽርታት ተፈጢሮም ኣለዉ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ነንሕዶም ዘሎ ሓሽካርን ተራጻምን ዝምድናታት ኣብ ዝላዓለ ጥርዚ በጺሑስ፡ ኢትዮጵያ ናብ ሕድሕዳዊ ውግእ ገጻ ተምርሕ ኣላ። እዞም ክልተ ተራጻምቲ ሓይልታት፡ ኣብ ሜላ ኣቀራርጻ ስርዓተ-ምሕደራ (መንግስቲ)፡ መሰረታውን ብቓጻ ነንሕዱ ዝራጸምን ስነሓሳባውን ግብራውን ፍልልያት ስለዘለዎም፡ ፍልልያቶም ብዓመጽ ንምፍታሕ ዝተዳለዉ ይመስሉ። እቲ ሓደ ወገን (ብኣብዪ ኣሕመድ ዝምራሕ ኣብ ስልጣን ኣለኹ ዝብል ሓይሊ)፡ ነቲ ሕገ-መንግስቲ ብምፍራስ፡ ከም ናይ ባዓል መንግስቲ ንጉስ ሚነሊኽ፣ ንጉስ ሃይለስላሴን ወታሃደራዊ መግስቲ ደርግን (መንግስቱ ሃይለማሪያም) ዝዓይነቱ፡ ኣሃዳዊ (Unitary) መንግስቲ ክምለስን ክትከልን ዝደሊ ኢዩ። እቲ ካላኣይ ወገን ካኣ፡ መሰላት ብሄራትን ናኣሽቱ ዓሌታትን ህዝብታትን ዘኽብር ናይ ፈደራላዊ ስርዓተ-መንግስቲ (ነቲ ዝጸንሐ ሕገ-መንግስቲ ምዕቃብ) ክቕጽልን ክሕይልን ዝደሊ ኢዩ። ሕጽር ብዝበለ ኣገላልጻ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ቀጽርታት ዘሎ ዝምድና፡ ኣብ መንጎ ክዕምጽን ክግብትን ዝደሊ ሓይልን፡  ንፍትሕን ንመሰል ምርግጋጽን ዝቃልስ ሓይልን ዝህሉ ዝምድና ኢዩ። እቲ ዝስዕብ ረጽሚ፡ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ናብ ምሉእ ከባቢ ምብራቕ ኣፍሪቃ'ውን ናይ ምልባዕ ተኽሎ ኣለዎ። ድሮ'ውን ኣብ ዞባ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ናይ ሓይልታት ኣሰላልፋ ለውጢ ከስዕብ ጀሚሩ ኣሎ።

ስለዝኾነ፡ ደምበ ፍትሒ ኤርትራ፡ እዚ ሓዱሽ ኩነታት፡ ንቃልሲ ንዲሞክራስያዊ ምስግጋር ኣብ ኤርትራ ብኸመይ ክጸልዎ ይኽእል ኢሉ፡ ለባም ፈተሻ ብምክያድ፡ ኣድላዪ ናይ ቃልሲ ሜላ ምስትኽኻል ምግባር ይጽናሓለይ ዘይባሃል ናይ ሕጂ ዕማሙ ከምዝኾነ ክግንዘቦ ይግባእ። ነዚ ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ሓይልታት ኣሰላልፋ ለውጢ፡ ንምልካዊ ስርዓት ኢሳያስ ንምስዓር ብኸመይ ክጥቀመሉ ከምዝኽእል ኣለልዩ፡ ዘድልዩ ታክቲካውን ሜላውን ለውጥታት ብምግባር፡ ንኤርትራን ህዝባን ካብ ናይ ጥፍኣት ዓዘቕቲ ከውጻኣ ቃልሱ ከሐይል ይግባእ። እስትራተጂ ናይ ደምበ ፍትሒ ኤርትራ፡ ምርግጋጽ፡ "ፍትሒ፣ ሰላም፣ ዲሞክራሲ፣ ልዕልና-ሕጊ፣ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት፣ ሕድሕዳዊ ምክብባር የህዛብ (ሃገራት)፣ ወ.ዘ.ተ." ስለዝኾነ፡ ምስ'ቶም ኣንጻር ዓመጽን ዕብለላን ደው ብምባል መሰልን ፍጥሕን ንምግርጋጽ፡ ዝቃልሱ የህዛብ፡ ናይ ስትራተጂ ምትእስሳር ክህልዎን ክገብርን ባህርያዊ ኢዩ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ክስገር ዘይብሉ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ምኳኑ'ውን ምስትባሃል ኣገዳሲ ኢዩ።

ነዚ ብድምጽን ብጽሕፍን ክትከታተሉ ትደልዩ፡ ነዚኣ ብምጥዋቕ ነቲ ምሉእ ኣስተምህሮ ክትከታተልዎ ትኽእሉ ኢኹም።